ቆጸራና ን31 ጥቅምቲ
ንውዲት ክንምክት ምእንቲ
መጻዋዕታ ናይ ደለይቲ ፍትሒ
ኣይኮነን ንክትከፍሉ ክልተ ካብ ሚእቲ
ህዝቢ ክድሕን ካብ ዳግማይ መግዛእቲ፣

መጻዋዕታ ብህዝብን ሃገርን ዝሐምም
በደሆ ናይ 19 ታሕሳስ 1999 ክድገም
ብውዲት ክልተ ጎራሐት ከይዛዘም
ኣቢዱ በድሆና ሰሚዑ ብእዋኑ ክእረም፣

ድምጽና ክነስምዕ ደቂ ኤረ
ንዕቀቶም እንብዛ ምስ ሳዕረረ
መግለጺ ሲኢነሉ ምስ ዓርዓረ፣

ንህግደፍ መጻዋዕታ ንሰላማዊ ሰልፊ
ልሳን ህዝቢ ክንከውን ታሪኽዩ ተራፊ
ዝነገሰ ንጉስና ከይኮነኩም ወልፊ፣

ብስኒት ንበገስ ደቀባት ኤርትራ
ኣይውክለናን ዩ መራሒ ጭፍራ
እንዳ ዘመርና ብሐበራ
ኣብ ፍራንክፈርት ይኹን ቆጸራ፣

ኤርትራ ዳግማይ ከይትውረር
ጭርሖና ሃገር ንደቂ ሃገር
ሎሚ ከም ትማሊ ንሕበር፣

ምስ ኣርዮስ ውዲት ይትረፍካ
ኣቢዱ ንውዑል ኣልጀርያ ኣኽቢርካ
ንባጽዕ ከይጠመትካ ዶብ ሐንጺጽካ
ምስ ህዝቢ ኤርትራ ፍቅሪ ይሕሸካ፣



ሰስኑ ሰስኑ ሽሕን ዋልታን ኩኑ
ደቂ ኤረይ ርእስኹም ኣይተድንኑ
ጸላእቲ ህዝቢ ኤርትራ ከይሻድኑ፣

ናይ ክልተ ጎራሐት ፋብርካ
ደግፈኒ ክድግፈካ
ኣብ ኤርትራ እስሪቤት ተኺልካ
ኣብ ዓደቦኻ ፋብሪካ መሪቕካ
ግምጥል ግምጥል ምስ ኣብዛሓካ
ሎምስ ተበሊሉ ዩ ድጉል ጉድካ፣

ንኺድ ንኺድ ንፍራንክፈርት
ንውዲት ኣቢዩ ኣርዮስ  ክንምክት
ኣቢዩ ድምጽና ሰሚዑ ልሳኑ ክልከት
ብሃይለማርማይ ደሳለ ዝተበገሰ ውዲት
ሱር ከሰደደ ብኣጋ ክንምክት ክንዓግት፣



ዕላማ ንሕናን ዕላማናን ነጊርና ብኣጋ
ንዓዲ ጆጋኑ ከየውረዳ  ናብ ዕዳጋ
ሕጂ ኸ በሪህልኩም ዶ ንላንጋላንጋ፣

ሰብ ዝገበሮ ሜሬት ነገሮ
ኣርዮስ ዕላሙኡ ከየተግበሮ
ኣኳሊምና ዕምሩ ነሕጽሮ፣

ናይ ገዛ ተቃወምቲ ሐቦ ግበሩ
ኣብ ጽርግያ ወጺኹም ጨድሩ
መዝሙር ዓገብ ምሳና ዘምሩ፣

ህግደፋዊያን ማዓስ ኢኹም ተማሃሩ
ንዓገብ ዝበሉ ደቀባት ቀቲሉ ኣሲሩ
ንደቂ ስዉኣት ብከምዚ መዓስ ጠዊሩ
ኣብ ዓደቡኡ ከይዱ ክዳኑ ቀይሩ፣



ህግደፋዊያን ብእዋኑ ተናስሑ
ኤረትራ ንደቂ ሃገር ጨርሑ
ሕጊ ኣልቦ መልእኽቱ ኣብጺሑ
ዑጉባት ዲኹም ብኣቢዪ ክትምርሑ፣



ካብ ዓገብ በልዎ፣ዓገብ ንበሎ ይሓይሽ፣ህግደፋዊያን ንወይጦ ቆንስል ኣብ ውዲት ኢድ ዘለዎ፣ንወዲ ደባስ ኢድካ ኣክብ በልዎ፣ንጸዊዒት ቲፎዞ ኣቢዪ ንጸግዎ፣መዳምቅቲን ሐገዝን ከይትኾንዎ፣ንውዲት ክልተ ኅራሕት ኮንንዎ።

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ« ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና«ስዕረት ንህግደፋዊያን ዓንገልቶምን« ካብ ዉሽጡ ሑፋር«ኣባል ተሐኤ«በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።